# ብስነ-ጥበባዊ ሚኪኤል ኣዶናይ ዝተዳለወ ናይ ቅብኣ ስርሓት፣ ኤግዚብሽን ተኸፊቱ።

----------0-----------

ብስነ-ጥበባዊ ሚኪኤል ኣዶናይ ዝተዳለወ ናይ ቅብኣ ስርሓት ኤግዚብሽን ትማሊ 13 ሓምለ ኣብ ኣዳራሽ ካዛ ደሊ ኢታልያኒ ተኸፊቱ።

ኣብቲ ዝቐረበ ኤግዚቢሽን ናይ ቅብኣ ስርሓት ንመድረኽ ቃልሲ፣ ግፍዒ ጸላኢቲ፣ ፍቕሪ ሃገርን መነባብሮን ባህርን ዘንጸባርቑ ብዘይቲ ቀለም፣ ቀለም ማይን ካልእን ዝተዳለዉ 35 ኣሳእል ቀሪቦም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፣ ስነ-ጥበባዊ ሚኪኤል ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ብሓልዮት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ተዳልዩ፤ ብግሎባል ስነ-ጥበብ 2000 (GLOBAL ART 2000 ) ዝፍለጥ 100 ኣባላት ሃገራት እቲ ውድብ ዝካፈልኦ ምርኢት ኣብ ኒውዮርክ ከምዝካየድ ሓቢሩ። ካብ 15 ጥቅምቲ ክሳብ 22 ሕዳር ናይዚ ዓመት እዚ ወግዓዊ መኽፈቲ ስነ ስርዓት ድሕሪ ምክያዱ ድማ ኣብ ጥሪ 2002 እቶም ሰኣልቲ ምስ ስርሓቶም ኣህጉራዊ ዑደት ከምዘካይዱ ኣቶ ሚኪኤል ኣረዲኡ። በዚ መሰረት ኣብቲ ኤግዚቪሽን ቀሪቡ ዘሎ ኣሳእል ዝመጽእ ዓመት ንህዝቢ ዓለም ንምርኢት ከምዝቐርብ ገሊጹ።

ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ነቲ ኤግዚቪሽን መሪቑ ድሕሪ ምኽፋት ኣብ ዘስምዖ መደረ፣ ስነ-ጥበበኛ ሚኪኤል ኣዶናይ ካብ ሓሙሽተ ኤርትራውያን መወዳድርቱ ንኤርትራ ክውክል ከምዝተመረጸ ጠቒሱ፣ ንሃገሩን ህዝቡን ወኪሉ ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር ንኽሳተፍ ምብቕዑ ዮሃና ኢልዎ። ነቲ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ኣብ ቅብኣዊ ስርሓቱ ዘመዝግቦ ዘሎ ምዕባለ ድማ ሞጉሱ።ንዝበለጸ ውጽኢት ዝያዳ ክጽዕር ብምልባው ድማ ኣብ ስርሑ ዓወትን ኣሳልጦን ተመንዩሉ።

ነቲ ስነ-ጥበባዊ ስርሓት ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ዲፕሎማሰኛታት፣ ስነ-ጥበበኛታትን ዕድመ ዝተገብረሎም ብርክት ዝበሉ ኣጋይሽን እናተዘዋውሩ ተዓዚቦሞ።

እቲ ብምትሕብባር ብሪቲሽ ኮንስል፣ ኤምባሲታት ኣመሪካን ጀርመንን፣ ኣልያንስ ፍራንሴስ፣ ካዛ ደሊኢታልያኒ ፣ቤት-ትምህርቲ ጥልያንን ሃማመተኤን ዝተዳለወ ኤግዚቢሽን ካብ 14 ሓምለ ጀሚሩ ንሓደ ሰሙን ንህዝቢ ክፉት ኮይኑ ክቕኒ እዩ።

********ኣ.ዜ.ኤ**********